


# *መግለጺ ስቶክሆልም*

*ሰፊሕ በዓል ኤርትራ - ካስል ካብ ሓምለ 20-22, 2018 ኣብ ስቶክሆልም ሽወደን ተኻይዱ። ኣብዚ ፈስቲቫል'ዚ ብርክት ዝበሉ ወከልቲ ፖለቲካውን በርጌሳውን ውድባትን ማሕበራትን: ኤርትራውያንን ጎረባብትን: መሁራትን ተመራመርትን ከምኡ'ውን ካብ ሽውደንን ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኤውሮጳን ዝመጹ ሃገራውያንን ኣባላት ተቓውሞን ብከብ ዝበለ ደረጃ ተሳቲፎም።*

*ኣብ ትሕቲ "ምርግጋጽ ውሽጣዊ ሰላም ውሕስነት ዞባዊ ሰላም'ዩ" ዝብል ማእከላይ ጭርሑ ዝተኻየደ ፈስቲቫል ካስል ስቶክሆልም 2018፣ ብኤርትራውያንን ኢትዮጵያውንን ሱዳናውንን መሁራትን ብኣብ ፖለቲካዊ ዓውዲ ዝነጥፉን ኣገዳሲ መጽናዕታዊ መደረ ቐሪቡ። ቀጺሉ እቲ ዝቐረበ መደረታትን ብመራሕቲ ውድባት ዝቐረበ መግለጽን ንምዕማቑ፣ ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ኣብ ሰለስተ ዓውደ መጽናዕቲ ብምምቕቓል ኣገዳሲ ክትዕ ብምክያድ፣ ብስም ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ሓባራዊ መግለጺ ክወጽእ ለበዋ ተመሓላሊፉ። ብእኡ መሰረት ድማ፣ እቶም ኣብ ፈስቲቫል ዝተሳተፉ መራሕትን ወከልትን ፖለቲካዊ ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራት ከምኡ'ውን ኣባላት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፈስቲቫል ኣገዳሲ ኣኼባ ብምክያድ ነዚ ዝስዕብ ጸዊዒት ክወጽእ ተሰማሚዖም።*

*ፈስቲቫል ስቶክሆልም ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝነብር ጽኑዕ ህዝቢ ኤርትራ፣ ሓድነቱ ክዕቅብን፣ ንልዑላውነት ሃገሩ ዝፈታተኑ ውዲታት ከምክትን መድረኽ ይሓቶ ምህላዉ ኣዘኻኺሩ። ፖለቲካዊ ሓይልታትን ልፍንታዊ ጽላላትን፣ ብፍላይ ድማ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፣ ከምኡ'ውን ህዝባዊ ምንቅስቓሳትን ማዕከናት ዜናን፣ ክንዲ'ቲ መድረኽ ዝሓቶ ናይ ቃልሲ ዕማማት ክኾኑ፣ኣብ ሃገርናዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ኣንጻር ምልካዊ ጉጅለ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ መሪሕ ግደ ንኽጻወቱ፣ ዓቕምታቶም ብሓባር ክጸምዱን ከወሃህዱን ፈስቲቫል ኣትሪሩ ጸዊዑ።*

*ሰራዊት ኤርትራን ካልኦት፣ ስርዓት ህግደፍ ህዝቢ ንምብስባስ ዝጥቀመሉም ዘሎ ትካላት መንግስቲ፣ ኣብ ጎድኒ ህዝቦም ደው ክብሉን፣ ሓርነትን ፍትሕን ዲሞክራስን ንምርግጋጽን፣ ነቲ ብዓቢ ዋጋን ኽቡር መስዋእቲ ብሉጻት ኤርትራውያንን ዝተረጋገጸ ልዑላውነት ኣብ ምዕቃብ ተርኦም ከበርክቱን ፈስቲቫል ጸዊዑ።*

*ገለ ትካላትን ፍሉጣት ኤርትራውያን ባእታትን፣ ምስ መላኺ ኢሳይያስ ደው ብምባል ንሃገርና ናብ ሓደጋ ዘሳጥሕ ተግባራቱን ካልእ ንቓልስታት ህዝብናን ሓድነቱን ልዑላውነት ሃገሩን ዝህድድ ናይ ባዕዳውያን ወስታታት ዕድል ዝህብ ከይዲ፣ ኣካል ናቱ ንኸይኮኑ ፈስቲቫል ኣጠንቂቑ። እዚ ተግባራት'ዚ ህዝብና ኣብ መዋእል መሰል ርእሰ ውሳነ ኣብ ኣርበዓታት ዘጋጠሞ ውዲት ዘዘኻኽር ምዃኑ'ውን ፈስቲቫል ኣተንቢሁ።*

*መላኺ ኢሳይያስ ኣፍወርቂ፣ ንኢትዮጵያ ዑደት ኣብ ዝፈጸመሉ ግዜ፣ ንህዝብናን ተበጃውነቱን ዘናሹ ዘስመዖ ቃላት፣ ንባህርያት ኢሳይያስን ጸሊም ታሪኹን ዘቃልዕ ምንባሩ ብምጥቃስ፣ ህዝቢ ኤርትራ ይቐረ ዘይብሎ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ንመላኽን ደገፍቱን ንዘልኣለም ሓኒኾም ከነብሩ ከገብሮም ኢዩ።*

*ፈስቲቫል፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሰላም ንኽህሉ መትከላዊ ደገፉ ምዃኑ ብምርግጋጽን፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንስምምዕ ኣልጀርን ብይን ኮሚሽን ምሕንጻጽ ዶብን ብዘይ ቅድመ ኩነት ንምትግባር ድሉውነቱ ብምርኣይን ብኣውንታ ብምምዛንን፣ ንጠቕላይ ሚንስተር ዶር. ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ፣ ምስ ኤርትራ ብዝተሓላለዘ ጉዳያት ዝምልከት ዝኸተሎ ዘሎ ኣገባብ: ነቲ ኣብ ደንደስ ውድቐት ዝርከብን ኣእዳዉ ብደም*

*ንጹሃት ኤርትራውያን ዝጠልቀየን፣ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን መሰላት ህዝቢ ረጊጹ ዝኸይድ ዘሎ መላኺ ምድሓንን ምቅንጃውን ከይኸውን ምሕጽንታና ነቕርብ። እዚ ዝኸይድ ዘሎ ርኽኽባት ምስ መላኺ ጉጅለ፣ ነቲ ሒዝዎ ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ንቕጽሎ ዘተባብዕ ኢዩ ዝብል ዕግበት'ውን ኣሎና። ከምኡ'ውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ንሓድነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ዝትንክፍ ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ንኸይወስድ ፈስቲቫል ስቶክሆልም ኣተሓሳሲቡ።*

*ዝምድና ክልተ መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዋጋ ልዑላውነት ሃገርና ክኸውን ኣይግባእን። እምነ ኩርናዕ ዘላቒ ሰላም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ኣብ ዞናና፣ ውሽጣዊ ሰላም ናይ ነፍስ ወከፍ ሃገር ምስ ዝረጋገጽ ኢዩ። ዝኾነ ፖለቲካዊ መርሆ፣ ካብይ ተበጊሱ ብዘየገድስ፣ ናይ ሓደ ሃገርን ህዝብን ጠቕሚ ብዋጋ ናይ'ቲ ካልእ ሃገርን ህዝብን ኣብ ዞናና ከረጋግጽ ምስ ዝህቅን፣ ኣብ መንጎ ኩሎም ሃገራት ዞናና እነማዕድዎ ዘላቒ ሰላም ዘፍርስ 'ምበር ዝሃንጽ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።*

*ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተበጊሱ ዘሎ መስርሕ ሰላም፣ ኣብ ፍጹም ብኩራት ህዝቢ ኤርትራ ይካየድ ምህላዉን፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሕገ መንግስታዊ ትካላትን ሕጋዊ ሰረትን ዝገበረ ኣካይዳ ይኸይድ ምህላዎ ንኹሉ ብሩህ ኢዩ። ኤርትራዊ ሸንኽ ግን ሕገ መንግስታውን ትካላውን ሕጋውነት ዘይብሉን፣ ህዝቢ ዘየሰነዮን ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ሰፊሕ ግህሰታት ዝፍጽም ስርዓት ብምዃኑ፣ ሃገራውን ሰብኣውን መሰላትና ዘይዕቅብን ንብዙሕ ክፋል ሕብረተሰብና ካብ መስርሕ ሰላም ዘዋስንን ምዃኑ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ።*

*ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ፣ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ስቅያት ግቡእ ጠመተ ብምግባር፣ ኣብ ልዕሊ ምልካዊ ስርዓት ኣድላዪ ጸቕጢ ኣካይዱ፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ንዓመታት ብዘይ ፍርዲ ዝማስኑ ዘለዉ ናይ ሕልናን ፖለቲካን እሱራት ነጻ ክልቀቑን፣ ኣብ ትሕቲ "ሃገራዊ ኣገልግሎት" ዝብል ስም ገደብ ኣልቦ ባርነታዊ ኣስገዳድ ዕስክርና መንእሰያትና ደው ክብልን፣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ ዜጋ ዝፍጸም ዘሎ ቀጻሊ ሰብኣዊ ግህሰት ብቕጽበት ደው ክብልን፣ ሓርነትን ግዝኣተ ሕግን ክኽብርን፣ ፈስቲቫል ጻውዒት ኣቕሪቡ።*

*ጉዳይ ስደተኛታት ዝመልከቶም ኣህጉራውያን ትካላት፣ ሓላፍነቶም ብምስካም፣ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ይኹን ኣብ መላእ ዓለም ተዘርጊሖም ንዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት፣ ምልካዊ ስርዓት ክሳብ ዘሎ፣ ብሓይሊ ናብ ሃገሮም ንኸይምለሱን፣ ብመሰረት ንጉዳይ ስደተኛታት ዝምልከት ኣህጉራዊ ስምምዓትን ቻርተራትን፣ ኣብ ዘለውዎ ቦታታት ኣድላዪ ሓገዛትን ምትሕብባርን ኽግበረሎም ፈስቲቫል ጻዊዒት ኣቕሪቡ።*

*ኣብ መደምደምታ፣ ንቀጻሊ ኣካይዳ ኩሎም ፖለቲካዊ ውድባትን ሲቪክ ማሕበራትን ደለይቲ ፍትሕን ብዝምልከት፣ በብውልቀ ዝገብርዎ ንጥፈታት ብዙሕ ኣድማዕነት ከም ዘይብሉ ተረዲኦም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝርከብሉ ቦታታት ናይ ሓባር ሸማግለ ብምቛም ንጥፈታቶም ከደንፍዑ ከም ዘለዎም ፈስቲቫል ተማሕጺኑ።*

*ፖለቲካውን በርጌሳውን ሓይልታት*

*ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ኤርትራ - ካስል ኣብ ስቶክሆልም*

*22/07/2018*